Public education
**Discover a world of opportunities**

TIGRINYA



መዳለዊ-ቅዳማይ

# ሰላም ቕድመ-ቅዳማይ ብርኺ!

Department of **Education**

ውላድኻ ብቕድመ-ቅዳማይ ብርኺ ክጅምር እንከሎ እንታይ ከምእትጽበ።

CC BY

# ኣብ ውሽጢ እንታይ ኣሎ


ናይ ውላድኻ ጉዕዞ ናብ ቤት ትምህርቲ 4

ቀዳሞት ተሞክሮታትን ምዕባለ ኣእምሮን 5

ቕድመ-ቐዳማይ ብርኺ: ግዴታዊ ንዘይኮነ ትምህርቲ ምጅማር 6

ውላደይ እንታይ ክማሃር'ዩ? 8

በብማዓልቱ ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ብሓቒ ኣድላይ እዩ 11

ኣብ ገዛ እንታይ ክትገብር ከምትኽእል 12

ንዓኻን ንውላድኻን ዝበለጸ ሓሳባት 13





ኣርእስቲ: ሰላም ንቕድመ-ቐዳማይ ብርኺ! ውላድኻ ናይ ቕድመ-ቐዳማይ ብርኺ ክጅምር እንከሎ እንታይ ከምእትፅበ

SCIS NO: 1710398
ISBN: 978-0-7307-4564-8



© Department of Education
Western Australia 2015

ነዚ ጽሑፋዊ ሕትመት ኣትራፊ ንዘይኮነ ትምህርታዊ ትካል ጥቕሚ ዕላማ ብዝብል ብከፊል ወይኻዓ ብምሉእ ብናጻ ምቕዳሕ ይከኣል እዩ።

እዚ መገልገሊ ብኻልእ ግቡእ ዝኾነ መልክዕ ንጠለብ ተዳልዩ ተቐሪቡ'ሎ።



**ናይ ትምህርቲ መምርሒ/**
**Department of Education**
151 Royal Street
East Perth WA 6004
**ስልኪ:** 9264 5803
**መርበብ ሓበሬታ:** education.wa.edu.au





CC BY © Department of Education, Western Australia 2015



## እዚ ንእሽቶ መጽሓፍ ውላድኻ ቐድመ-ቐዳማይ ብርኺ ክጅምር እንከሎ ክትጥቐመሉ እዩ።

ኣብ ቐድመ-ቐዳማይ ብርኺ ብፍላይ መዓልቲ እንታይ ከምዘጋጥም ውላድኻ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንክላመድ ዝሕግዞ ሓሳባት ዘጠቓለለ ይመርሓኻ እዩ፡

ከምናይ ውላድኻ ናይ መጀመርታ መምህር መጠን ትጻወቶ ናይ ስራሕ ግደ ኣገዳሲ እዩ። እቶም ቀዳሞት ዓመታት ናይ ትምህርቲ ኣብ ልዕሊ'ቶም ውላድካ ኣብ ገዛ ዘኻዕበትዎም ተሞክሮታት ይውስኹን ንኹሉ'ቲ ንመጻኢ ዝመሃርዎ ከኣ መሰረት የንብሩ።

ንውላድኻ ትምህርቲ ትሕግዞሉ ትኽእል ብዙሕ ነገራት ኣለዉ።

እዚ ንእሽቶ መጽሓፍ ኣብ ቐድመ-ቐዳማይ ብርኺ ውላድኻ ዝሕጉሰሎም ነገራት ብምውሳኽ በብማዓልቱ ንክማሃር እሞ ኣብ ገዛ እንታይ ክትገብር ከምትኽእል ሓበሬታ ይህበኻ እዩ።

**ኣብ ገዛ ምስ ውሉድካ ክትገብሮም እትኽእል፡ ብዘዘናግዑ ምኽርታትን ንጥፈታትን ዝመልኡ ብዝሒ ዘለዎም ኣብ መርበብ ዝተዘርግሑ ንኣሽቱ ጽሑፋትናን መወከሲ ሓበሬታትን ዳህስስ። ዌብሳይቲ፡ [education.wa.edu.au](education.wa.edu.au)**

© Department of Education, Western Australia 2015 CC BY

# ንናይ ውላድኻ ቤት ትምህርቲ ጒዕዞ

ሕጻውንቲ ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሮም ብዙሕ ጠቓሚ ዝኾኑ ነገራት ይምሃሩ።

ኣብ ገዛ፣ ካባኹም፣ ካብ መሓዙትን ስድራታት፤ ኣብ ከባቢ ሓባራዊ መጻወቲ፣ ኣብ ናይ ሕጻንን ወለዲን ማእኸል፣ ከምኡ’ውን ናብ መዋዕለ ህጻናት ዝኸዱ እንተኾይኖም ኣብ ሓልየት ሕጽን/ስድራ መውሃቢ ይማሃሩ እዮም። ኣብ ቕድመ-ቐዳማይ ብርኺ ክጅምሩ እንከሎ ንዞም ተማሃርዎ ኩሉ ሒዘሞ ይመጹ።

ሕጻናት ብወለዶም ሓገዝ እንተተጌሩሎም ዝበለጸ ጽቡቕ ይማሃሩ። ብናይ ውላድኹም ትምህርቲ ብዝበለጸ ተሳትፎ እንተሃልይኹም፤ ከምኡ‘ውን ምስቲ መምህር ብዝበለጸ ክትዘራረብ እንከሎ ክልቴኹም ብዝበለጸ ንውላድኻ ምሕጋዝ ከምዝኻኣል እዩ። ምስቲ ቤት ትምህርቲ ጥንኩር ዝምድና ብምፍጣር ብዙሕ ግዘ ምስ መምህር ምርኻብን ብምዝርራብ እሞ ውላድኻ ናይ ሙሉእ መዓልቲ ቤት ትምህርቲ ብጽቡቕ ከምዝጀመረ ምርግጋፅ ይኻኣል።

ኣብ ገዛ ምሳኻ ንዝረኸብዎ ክዕለትን ሞያ ውላድኻ ብናይ ቕድመ-ቐዳማይ ብርኺ ይቕጽሉሉ እዮም። እዞም ክእለታት ከጠቓልሉ ዝኽእሉ: ውላድካ ብዛዕባ ዝስሕብዎም ነገራት ክዛረቡ ምኽኣል:; ስእልታት ምስኣል; ሕብርታት: ቁጽርታት: መጠናትን ቅርጽታትን ምልላይ; ከምኡ’ውን ምስ ካልኦት ምኽፋል’ዮም::



ናትካ ብርቱዕ ድጋፍን ተገዳስነትን ውላድኻ ኣብ መዋዕለ ህጻናት ንክላመድን በብማዓልቱ ንዝማሃርዎ ነገራት ንኽርዑ ናትኹም ኣድናቖት ሓጋዚ እዩ።



CC BY © Department of Education, Western Australia, 2015



# ቀዳሞት ተሞክሮታትን ምዕባለ ኣእምሮን

ኣእምሮ ህጻናት ‘ኣብ ቀጻሊ መስርሕ ዕቤት’ ዝርከቡ’ዮም!

ኣብ ቀዳሞት ቑሩብ ዓመታት ሕይወት ውላድካ ሓንጎል ቐልጢፉ ይምዕብል እዩ። ዕድሚኦም ሰለስተ ዓመት ክኾኖ ካብ ሚእቲ 90 ኢድ ዝኸውን ሓንጐሎም ይምዕብል – ስለዙይ እዞም ቐዳማይ ዓመታት ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዮም።

ምሳኻ፣ መሓዙት፣ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛን ካልኦት ብናይ ቤት ትምህርቲ ማሕበረሰብ ውሽጢ ዘሎ ሓልየትን ፍቕሪን ንናይ ውላድኻ ስሚዒትን ምምሃር ክዕለት ክመሓየሽ ይሕግዞም እዩ።

ምጽዋት ብፍላይ ኣብ ናይ ቀኣልዕነት ትምህርቲ ጠቓሚ እዩ። ምጽዋት/ጸወታ ንህጻናት ክእለታቶም ኣብ ተግባር ከውዕሉ: ምስ ካልኦት ክራኸቡ: ብድሆታት ክገጥሙን ሽግራት ክፈትሑን ኣጋጣሚታት ይህቦም።

ምድራፍ፣ ጸወታታት ምጽዋት፣ ምዝራብ፣ ምድያብ፣ ምስዕሳዕ፣ ምንባብ፣ ምጽሓፍን ምስኣል ኩሎም ንናይ ውላድኻ ዝተፈላለየ ኣገባባት ምሕሳብን ምምሃርን ዘለዎ ሓንጎል ምዕባለ ይሕግዙ።

© Department of Education, Western Australia 2015

# መዳለዊ-ቅዳማይ/ቕድመ-ቅዳማይ ብርኺ፡ ንናይ ቤት ትምህርቲ ጉዕዞ ምጅማር

ድሕሪ ሓደ ዓመት ናይ ፈረቓዊ መዋዕለ ህጻናት ውላድኻ ናብ ሙሉእ መዓልቲ ቕድመ-ቅዳማዊ ብርኺ ይኸይድ።

ብወስተርን ኣውስትራሊያ ውሽጢ እዚ ናይ መጀመርታ ግዴታዊ ናይ ትምህርቲ ዓመት እዩ።

ናይ ቕድመ-ቅዳማይ ብርኺ ምስናይ መዋዕለህጻናት ክፍለ ትምህርቲ ይመሳሰል እዩ፤ እዚ'ውን ህጻውንቲ ብዙሕ ዝሰርሕዎ ይልጠፍ፤ ከምኡ'ውን በቲ ክፍሊ ክባቢ ዝተለጠፈ ስእሊታትን ካርታ ይህልዎ እዩ።

ህጻውንቲ ኣብ ቕድመ-ቅዳማይ ብርኺ ዩኒፎርሚ ይኸደኑ እዮም። ብዛዕባ ዓይነት ዩኒፎርሚ ክዳንን ኣበይ ከምዝግዛእ ዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ ንናትኻ ቤት ትምህርቲ ኣዘራርብ።

ቕድሚ ዓመታዊ ትምህርቲ ምጅማር ወይኻዓ በቲ ፈረቓ ግዘ ቁሩብ ሰሙናት ውሽጢ ንወለዲ መርዳእታ መውሃቢ ኣኼባ ይኻየድ። በዚ ኣኼባ ምስ መማሃራንን ካልኦት ስድራታት ንክትራከብ ዕድል ከምዝፈጥረልካን እሞ ነቲ ዓመት እንታይ ዕላማ ከምተነድፈ ክትፈልጥ ንምፍላጥ እዩ። ክትመጽእ እንተዘይኺእልካ ንቤት ትምህርቲ ኣዘራርብ ወይኻዓ ካልእ ግዘ ንምርኻብ ነቲ መምህር ኣዘራርቡ።

ብዙሕ ግዘ ናይ ውላድኻ መምህር ጽሑፋዊ ሓበሬታ ናብ ገዛ ስለዝልእኽ ግዘ ብምውሳድ ነቲ መልእኽቲ ኣንብብዎ።

ብናይ ቤት ትምህርቲ ሓገዛት ተሳትፎ ምግባርኻ ውላድኻ ቐልጢፉ ክለምድ ከምዝሕግዞን እሞ ብኸመይ ጌርኻ ከምትሕግዞም ንክትፈልጥ ይሕግዝ እዩ።




cc BY © Department of Education, Western Australia 2015



## እዋን መዓልቲ እንታይ ይፍጸም?

በብማዓልቲ ትምህርቲ ክጅምር ናብቲ ክፍሊ ኣቲኻ ንክትርእ ናይ ውላድኻ መምህር የተባብዓኻ እዩ።

እንተተኻኢሉ ምስ ውላድኻ ነዚ ኣገዳሲ ግዜ ኣሕልፎ። እዚ ዝኸውን ንውላድኻ ንምሕጋዝ ኣብ ቤት ትምህርቲ እንታይ ከምዝገብርን ኣብ ገዛ እንታይ ክገብር ከምዝኽእል ክትፈልጥ እንከሎ እዩ።

ብብማዓልቱ ንውላድኻ ጥዑይ ጠዓሞትን ምሳሕ ከምተዳለወ ምርግጋጽ።

ናይ ውላድኻ መምህር ንዝግበሩ ሚዛናዊዊ ስራሕቲ እቅድ ምውጻእ ካብቲ ዘምህርዎ ሓደ ኣካል ይኸውን። በብማዓልቱ ቁሩብ ናይ ኣኻል እንቃቓሰ ስለዘሎ፤ ውላድኻ ዚሰማማዕ ክዳውንቲ ንምግባሩ ምርግጋጽ።

ውላድኻ ካብ ቤተ መጻሕፍቲ ኣውጺኡ መጽሓፍቲ ክወስድ ዝኽእለሉ ዝተወሰነ መዓልታት ክህልዉ ይኽእሉ። ነዞም መዓልታት ምዝኻርን ኣብ ገዛ ዘሎ ዓውደ መዓልቲ መመዝገቢ ምጽሓፍ፤ ስለዙይ ንስኻን ውላድኻ ብምድላው ብሓባር ናይ መንበቢ ሓደሓደ ግዚያት ምምዳብ ይኻኣል።

ኣብ መዓልታዊ መወዳእታ ቕድመ-ቕዳማይ ብርኺ ንውላድኻ ካብቲ ክፍሊ ክትወስዶ ይግባእ። ንውላድኻ ዝኾነ ሰብ ዘምጽኦ እንተኾይኑ ኣቐዲምኻ ቤት ትምህርቲ ክፈልጥ ብምግባር ስለዙይ እቲ መምህር ንመን ከምዝጽበ ክፈልጥ ይኽእል።

**ኣብ ግዜ ጸሓይ ጥንቃቐ ብዛዕባ ምውሳድ ኣፍልጦ ይሃልኻ (sun smart ኩን)። ውላድኻ በብማዓልቱ ባርኔጣን ናይ ጸሓይ መከላኸሊ ከምዘለዎ ምርግጋጽ።**

© Department of Education, Western Australia 2015

# ውላደይ እንታይ እዩ ክምሃር?

ውላድኻ ምእንታን ዓለም ኲነት ንክርድኦ ግፍሕ ዝበለ ዝተፈላለየ ክእለት ሞያ ብቕድመ-ቐዳማይ ብርኺ ኣቢሉ ይዳለው እዩ። ውላድኻ ብዛዕባ ምንባብን ምጽሓፍ ከምኡ’ውን ቁጽሪ ብዝበለጸ ይማሃር፣ ከምኡ’ውን ንናቶም ግላዊን ማሕበራዊ ክዕለቶም፤ ወሳኒን ናይ ፈጠራ ኣተሓሳስባን ንኣኻላዊ ደሕንነቶም የማሓይሾ እዩ። ውላድኻ ብተክኖሎጂ፣ ብስነ-ጥበብ፣ ሳይንስ፤ ስብዓዊነትን ማሕበራዊ ሳይንስን ቋንቋ ንዘለዎ ክእለት የማዕብል። ናይ ውላድኻ መምህር ንናይ ሕጻውንቲ ዝተፈላለየ ልምዲን ታሪኽ ኣመጻጽኣ ኣብ ግምት ብምውሳድ እሞ ንናቶም ምምሃር ድሌትን ዓቕሚ ንክማላእ ዝወጸ ፕሮግራም ይኸውን።

## ንእንግሊዝኛ መማሃሪ ክፍሊ

### ምስማዕን ምዝራብ

ውላድኻ ኣብ ክፍሊ፣ ተጐልጆልካን ጽምዲ ኾይንኻ መምይያጥ ተሳትፎ ይገብር። ንኻልኦት ምስማዕን ንዝተፈጸመ ኲነታትን ልምዲታትን ምስኦም ብሓደ ክፍሊ ንዘሎን ንዝፍለጡዎም ዓበይትን መሊስኻ ምዝራብ። ከምኡ‘ውን ብዜማ፣ ብፊደል ኣቐማምጣን ብድምጺ ቃላት ፈሊዮም ይጥቐሙ እዮም።

### ምንባብ:

ብናይ ዛንታ መጽሓፍቲን ፊልሚታት ተጌሩ ውላድኻ ብዛዕባ ርእይቶን ስሚዒት ብዘለዎም ባህሪን ፍጻመ ታሪኻት ይማሃር እዩ። በቲ ዛንታ እንታይ ከምተፈጥረን እንታይ ዓይነት ገጸ ባህሪ ከምዘሎ ውላድኻ ንክዛረብ በቲ መምህር ክሕተት ይኽእል። ንዜማ፣ ንፊደል ኣቐማምጣን ንድምጺ ቃላት ምስማእ ቐዲምካ ንምጽሓፍ ጠቓሚ ይኸውን፤ ስለዙይ ናይ ክፍለ ትምህርቲ ስርሓቲ ጠመት በዚ ይኸውን። ከምኡ’ውን ውላድኻ ብናይ እንግሊዝኛ ፊደላት ንምልላይ ይማሃር እሞ ንሳቶም ንዝወከልዎ ብዝተለምደ ድምጺ ብሓባር ምጥማር እዩ። ዝተፈላለየ ሓጺር፣ ብቐሊሉ ክፍለጡ ዝኽእሉ ጽሑፋት ምስ ልሙድ ዝኾኑ ቃላትን ደገፍ ስእሊታት ውላድኻ የንብብ እዩ።




cc BY © Department of Education, Western Australia 2015



## ምጽሓፍ

ውላድኻ ፈተነ መርመራ ብሰራዊት ፊደላት ምግባር ይቕጽል፤ ብናይ ላዕሊን ታሕቲ ፊደላት ዘሎ ኣፈላላዩ ምምሃር ብድሕሪኡ ናይ ፊደል ኣቕማምጣ ተጠቒምኻ ምጽሓፍ ምጅማር። ክጽሕፉ እንከሎ ነቶም ዝፈልጥዎም ቃላትን ዝተለምደ ሓረግ ምጥቃምን ሙሉእ ነጥቢን ዓቢ ፊደል ንምጥቃም ምጅማር። ኣብ ሓዱሽ ቃላት ምፍታን ዘርእዮ ናይ ድምጺ-ፊደል ፍልጠት ይማሓየሽ ከምዘሎ እዩ። ውላድኻ ልዑል መጠን ብዝሒ ምድግጋም ዘለዎም ቃላት ንምጥቃም ምጅማር፤ ንኣብነት፡ *the*, *is* ከምኡ’ውን *was*.

## ትምህርቲ ሕሳብ ክፍሊ

### ቁጽሪታት

ውላድኻ ንቁጽሪ ስምን ኣሃዛትን መጠናትን ከተሓሕዝ ምጅማር፤ ብዚ ዝኻተት ከም ዜሮ፣ ንምጅማር ክሳብ 10 ቁጽሪታት ብድሕሪኡ’ድማ ክሳብ 20 ቁጺሪን ንላዕሊ ይኽውን። ሓደሓደ ግዘ ውላድኻ ክሓስቦ ዝኽእል*ዜሮ* ማለት መበገሲ!’ ማለት ይመስሎም! ትርጉም ከም’ዚ ዝመስል ምኺኑ’ውን ምግላጽ የድልየኻ ይኸውን ምንም ወይኻዓ ዋላ ሓደ.

ብናይ ምድማር፣ ምቕናስ፣ ብሓባር ምግባርን ንናይ ኣቕሑት ንእሽቶ ቁጽሪታት ምክፋል ብዘሎ ናይ ቁጽሪ ግድላት ምፍታሕን ከተመልክትን ውላድኻ ይማሃር እዩ። ንኣብነት፡ ናይ ሕርሻ እንስሳት ባንቡላ ክጥቐሙ ከምዝኽእሉ እሞ ሰለስተ ላምሒ ኣብ መዕኸቦ ሜዳ ምስ ኣርባዕተ ካልኦት ላምሒ ብምግባር ብድሕሪኡ’ድማ ብጠቕላላ ክንደይ ላምሒ ከምዘለው ምፍላጥ ምኻኣል።

ውላድኻ ምፍጣር፡ ምቕዳሕን ኣቕሑ ተጠቒምካ ምቕጻል ቅድታትን ይማሃር እዩ። እዞም ቅድታት ብናይ ህብረ ቐለማት፣ ቅርጹታትን መጠናት ዝተመርኰዘ ክኸውን ይኽእል።

© Department of Education, Western Australia 2015

## ናይ ሕሳብ ቋንቋ

ውላድኻ ንቁጽሪታት ብቕድመ ተኸተል ንቕድሚትን ድሕሪት ንምቁጻር ይማሃር ከምኡ’ውን ጠቓሚ ንዝኾነ ናይ ሕሳብ ቋንቋ ንክጥቐሙ ይጅምሩ፤ ንኣብነት፡ ክንደይ ብዝሒ? ብቁጽሪ ክንደይ ይኸውን? ን ክንደይ ይነውሕ? ንመጻወቲን ስራሕቲ ዝኸውን ኣቕሑት ‘እኹል ንምርካብ’ ኣናእሸቶ ቁጽሪታት ይጥቐሙ እዮም።

እዋን ጸወታትን እንቅስቓሰታት ውላድኻ በዚ ዝስዕብ ዘኣመሰለ ቋንቋ ብምጥቃም ንናይ ነገራት መጠን ምንጽጻር ይጅምር: ንውሕ ዝበለ፡ ሕጽር ዝበለ፡ ብቑመት ንውሕ ዝበለ፡ ኸብድ ዝበለ፡ ቅልል ዝበለ፡ ርጉድ ዝበለ ከምኡ’ውን ቅጥን ዝበለ. ኣብ ሰሙን ውሽጢ ዝተለምዱ ፍጻመ ድርጊት መዓልታት ግዘን መራኸቢ መዓልታዊ ቋንቋ ይጥቐሙ እዮም። ንኣብነት፤ ኩልግዘ ረቡዕ መዓልቲ ናብ ቤት ትምህርቲ ቤት መጻሕፍቲ ከምዝኸዱ ክዝክሩ ይኽእሉ ይኸውን።

ውላድኻ ንናይ ቅርጺን ኣቕሓ ቃላት ንክማሃር ይጅምር ንኣብነት: ኲዕሶ, ክቢ, ማዕረ ኲርናዕ ዘለዎ, ሽድሽተ መዓረ ገጻት ዘለዎ, ስለስተ ኲርናዕ ከምኡ‘ውን ካብ ሰፊሕ ጀሚሩ ዝጸብብ ክቢ ቅርጺ፤ ከምኡ’ውን ኣቀማምጣ ቦታ ዝገልጹ ንኣብነት: ቐረባ, ርሑቕ, ኣብ ምንጎ, ትሕቲ, ብድሕሪ ከምኡ’ውን ኣብ ቕድሚ.

## ክትኣትው እንከሎ ገምጋም

ኣብ ቕድመ-ቐዳማይ ብርኺ ዘለዉ ሕጻውንቲ ኩሎም ናይ ምንባብን ምጽሓፍ ከምኡ’ውን ናይ ቁጽሪ ትምህርቲ ገምጋም ኣብ እዋን ትምህርቲ ፈረቓ/Term 1 ይሳተፉ እዮም። ምሕላፍ ወይ ኻዓ ምውዳቕ ዝብሃል የለን። ብናይ ሕጻውንቲ ናይ ቋንቋ፣ ምንባብ፣ ምጽሓፍ፣ ምቁጻርን ቁጽሪታት ዘለዎም ክእለት መማሃራን መረዳእታ ይወስዱ እዮም። ንነሕድሕዲኡ ሕጻን ናይ ምምሃር ሜላ እቅድ ንምውጻእ እዚ ከምዝሕግዝን እሞ ጽቡቕ ንዝሰርሑ ሕጻውንቲ ንምብርትታዕን ንካልኦት’ድማ ዝበለጸ ሓገዝ ዘድልዮ ንምድጋፍ እዩ።





CC BY © Department of Education, Western Australia, 2015



ውላድኻ ኣብ ቤት ትምህርቲ እንታይ ይገብር ክትፈልጥ ድሌት ምርኣይ፡ ኣብ ክፍሊ ምሕጋዝን ኣካል ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ ብምዃን ክንደየናይ ክብሪ ንትምህርቲ ከምትህብ ንውላድኻ የርኢ።



# በብማዓልቲ ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ብሓቂ የድሊ

ኣብ ቤት ትምህርቲ ናይ ውላድኻ መምህር ፕሮግራማትን እንቅስቓሰታት እቅድ ንድፊ ብምውጻእ ቐድም ክብል ንዝተረኸበ ክእለት ምምሃር ክማሓየሽ ይገብሮ።

ካብ መዋዕለ ህጻናት ናብ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ ናይ ምኻድ ባህሪ ምፍጣር ጠቓሚ እዩ፤ ስለዙይ ውላድኻ ንናይ መጻኢ ምህሮ ዘድልዮም ጠቓሚ ፍልጠትን ክእለት ከምዘየምልጦም እዩ።

ንስኻ ከም’ዚ ብምግባር ምሕጋዝ ትኽእል:

- ብዛዕባ ቤት ትምህርቲ ኣወንታዊ ዝኾነ ብምዝራብ እሞ ውላድኻ መዓልታዊ ክኸይድ ደስ ክብሎ
- ውላድኻ ኣብ ቤት ትምህርቲ በቲ ዝገብሮም ነገራት ተገዳስነት ምርኣይን ብምሕጓስን ኣብ ገዛ እንታይ ክትገብር ከምትኽእል ምስቲ መምህር ብምዝርራብ
- ውላድኻ መሓዙት ክፈጥር ንምሕጋዝ ናይ ጻወታ ዕለታት ብምድላው
- ውላድኻ ብኸመይ ብሓባር ከምዝሳተፍን ተራ ብምጽባይ
- ውላድኻ ናብ ቤት ትምህርቲ ከተብጽሕን ካብ ቤት ትምህርቲ ክትወስድን
- ውላድኻ በብማዓልቱ ጽቡቕ ምግቢ ከምዝረኽብን ኹልግዘ ምሸት እኹል ድቃስ ከምዝረኸበ ብምርግጋጽ
- ድሕሪ ቤት ትምህርቲ ወይኻዓ ኣብ እዋን ቤት ትምህርቲ ዕረፍቲ ምስ ሓፈሻዊ ሓካይም፣ ሓካይም ስንን ፍሉያት ሓካይምን ቆጸሮ ብምድላው
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ዕረፍቲ እዋን ንስድራ ዕረፍቲ መዘናግዒ ብምውሳድ ይኸውን።

ውላድኻ ድሓን እንተዘይኾይኑ እሞ ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ዘይኽእል እንተኾይኑ፤ ነቲ መምህር ክፈልጦ ብተለፎን ወይኻዓ ብተክስት መልእኽቲ ጌርካ ኣፍልጥ። ውላድካ ንሓደ መዓልቲ እንተተሪፉ ብኸመይ ጌርኻ ውላድካ ከምዘርክብ ምሕጋዝ ከምዝኻኣል ምስቲ መምህር ምዝርራብ። ውላድኻ ናብ ቤት ትምህርቲ ንኸተብጽሕ ጸገም እንተሃልዩኻ ምስቲ መምህር ምዝርራብ።

© Department of Education, Western Australia 2015

# ኣብ ገዛ እንታይ ምግባር ትኽእል

- ውላድኻ ብዝፈትዎ ኣርእስቲ መጽሓፍቲ ንክትውሓስ ናብ ከባቢኻ ቤተ መጻሕፍቲ ክትኸይድ ትደሊ ይኸውን።
- ውላድኻ ክስእል፣ ክጽሕፍን ዛንታታት ከዘንቱ ምትብባዕ።
- ውላድኻ መርመራ ንክገብርን ካብቲ ጌጋ ተማሂሩ ነቲ ስራህ ከጠናቐቕ ምትብባዕ። ተዓጋሲ ብምኳን በዓልቶም ክገብርዎ ንዘለዎ ክገብርዎ ምግዳፍ።
- በብማዓልቱ ምስ ውላድኻ ክተንብብ ግዘ ምውሳድ። ጽቡቕ ናይ ምንባብ ባህሪ ዘምሓየሸ በዚ ጥራይ ኣይኮነን፤ ብተወሳኺ ከም ስድራ ብሓባር ግዘ ምጥፋእ ጽቡቕ ሜላ እዩ። ንናይ ውላድኻ ደስ ዝብሎ መጽሓፍ ደጋጊምኻ ምንባብ። ተሳትፎ ንኽገብሩ ክጽንበሩኻ ምትብባዕ። ነቶም ስእሊታት እንዳተጠቐሙ ነቲ ዛንታ ክነግሩኻ ምግባር ወይኻዓ ነቲ ታሪኽ ኣምሲሎም ብፈጠራ ከንብቡ ምግባር። ብዛዕባ ዛንታ መወዳእታ ምዝራብን እሞ ውላድኻ ንዘለዎ ሓሳብ ክገልጽ ምትብባዕ። መወዳእታ ናይ’ቲ ዛንታ ፈትዮሞ’ዶ? ብኻልእ ኸመይ እቲ ዛንታ ክውዳእ ይኽእል?
- ንኽጽሕፉ ምትብባዕን ብድሕሪኡ ንዝጸሓፉሉ ምኽንያት ንምንታይ ከምዝኾነ ክነግሩኻ ምግባር። ንኣብነት: ንናተይ ልደት በዓል ካርዲ ንዓባየይ/እነሓጎይ የቐንየለይ ንምባል ድብዳበ እጽሕፍ ኣለኹ.
- ምስ ውላድኻ መዓልታዊ ስራሕቲ ክተኻይድ እንከሎ ቁጽሪታት ብምጥቓም ናይ ምቑጻር ምልምማድ። ንኣብነት: ንድራር ዝመጹ ክልተ ጋያሹ ኣሎና። ኣብ ናትና ስድራ ኣርባዕተ ሰባት ኣለው፤ ስለዞይ ክንደይ ቢያቲ የድልየና?
- ውላድኻ ሓዱሽ ናይ ቁጽሪ ክእለቶም ንኽጥቐሙ ብምትብባዕ፤ እዚ‘ውን ምቑጻር ብዘየድልየሉ ግዘ ክንደይ ነገራት ብምባል፤ ንኣብነት፡ ንስኻ ሰለስተ ነገራት ‘ክትርእይ’ ትኽእል፤ ወይኻዓ ሰለስተ ነገራትን ካልእ ሰለስተ ነገራት ኾይኑ እንዳሃለዎ ሽድሽት ነገራት ምርኣይ ይኻኣል።
- ምግቢ ክተብስል፣ ኣብ ሹቅ ኣቅሓ ክትገዝእ ወይኻዓ ነብስኻ ክትሕጸብ እንከሎ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ነገራት ምስ ውላድኻ ብምዝርራብ ናይ ዓቐን ምልካእ መርመራ ምግባር ንምንታይ ከም’ዚ ዝስዕብ ከምዝኾኑ ሕሰብ: ንውሕ ዝበለ ወይኻዓ ሕጽር ዝበለ, ሕፍስ ዝበል ወይኻዓ ቕጥን ዝበለ, ከምኡ’ውንፍኹስ ዝበለ ወይኻዓ ኽብድ ዝበለ.
- ውላድኻ ማይ ወይኻዓ ሑጻ ካብ ሓደ መዐቀቢ ናብ ካልእ ክቀድሕ እንከሎ ምሕጋዝ እሞ ኣይኑ ዝበለጸ ከምዝሓዘ ንምውሳን ወይኻዓ ነቲ ጠረጴዛ ንምሽፋን ናይ ጠረጴዛ ክዳን እኹል ንምኧኑ ምጽራይ።
- ውላድኻ ንተፈጥሯዊ ነገራት ንከስትውዕልን ሕቶታት ንምሕታት ምትብባዕ።
- ኣቕሑት ምእኻብን ብጉጅለ ፈሊኻ እሞ ብዛዕባ ቅርጺታት፣ መጠን፣ ቅዲ ምስሊን እንታይ ከምዝመስሎም ምዝርራብ።
- ፎቶግራፋትን ኣቕሑትን ዛንታታት እንዳተጠምኻን ብምንጋር ንናይ ውላድኻ ስድራ ታሪኽ ክመራመር ምግባር። ብዛዕባ ኣዝማድኻ ምዝርራብ እዚ’ውን ኣበይ ከምተወለዱን ብናትኻ ሕጻንነት ዕድመ እውንዳሃለው ናብራ ብኸመይ ዝተፈለየ ከምዝነበረ ምዝርራብ።




CC BY © Department of Education, Western Australia 2015



ናብ ቤት ትምህርቲ ከተመዝግቦም እንከለኻ ውላድኻ ዝኾነ መኰሳዕ ኣለርጂ ወይኻዓ ናይ ጥዕና ጸገም እንተሃልይዎ ከምዝሓበርኻ ምርግጋጽ። ውላድካ ዝኾነ ፍሉይ ነገር ዘድልዮም እንተሃልይዎ ነዚ ዝኸውን እንታይ ዓይነት ዝተዳለወ መደብ ከምዘለዎም ምስቲ ቤት ትምህርቲ ምጽራይ። ከምኡ'ውን ውላድኻ ፍሉይ ሰበሞያ ሓኪም ዝርእዮ እንተኾይኑ እቲ መምህር ክፈልጥ ምግባር ይሕግዝ።

# ንዓኻን ንውላድኻ ዝኾኑ ተወሰኽቲ ሓሳባት

## ምስ ውላድኻ ምዝርራብ

ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ጠቓሚ ዝኾነ ምዝርራብ ርከቢ ውላድኻ ይማሃር እዩ።
ውላድኻ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ዝገብሮ ነገራት ብምዝርራብ ክትሕግዝ ትኽእል። ኣብ ግዜ መዓልቲ ንዝተገብሩ ነገራት መግለጺን ወይም መብራርሒ ንክሕቡ ምሕታት።
ምንም ክሓስቡ እንተዘይኺኢሎም ዝበለጸ መረዳእታ ንክፈጥሩ ሕቶታት ምሕታት። 'ክፉት' ዝኾነ ሕቶታት ምሕታት ስለዙይ ውላድኻ ካብ 'እወ' ወይኻዓ 'ኣይኾነን' ንላዕሊ መልሲታት ይህብ እዩ።
ንኣብነት: ሎሚ ኣብ ቤት ትምህርቲ እንታይ ደስ ዝበለኻ ነገር ኔሩ? ብጀኻ'ዚሎሚ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘሕጉስ ስራሕ ኔሩኻ'ዶ? ብዛዕባ ናትካ ውዕሎ'ውን ንምዝራብ ምርግጋጽ!

## ምስ መምህር ምዝርራብ

ምስ ውላድኻ መምህር ኩልግዘ ተራኺብካ ምዝርራብ። እዚ ንምግባር ናትካ ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለየ መንገዲታት ኣለዎ። ምስ ውላድኻ መምህር ብዘይ ምኹላፍ ንምዝርራብ እንተደሊካ ቆጸሮ ምድላው ዝበለጸ እዩ።

## ንትምህርቲ ክፍሊ ኣስተዋጽኦ ምግባር

ናይ ውላድኻ መምህር ህጻናት ከንብቡ እንከለዉ ኣብ ምስማዕ: ህጻናት ክጽሕፉን ክስእሉን ኣብ ምሕጋዝ: ከምኡ'ውን ኣብ ስፖርታዊ ንጥፈታቶም: ዑደታቶምን ፍሉያት ፍጻሜታትን ሓገዝ ክሓትት ይኽእል'ዩ:: ከምኡ'ውን ናብ ቤት ትምህርቲ ማሕበር ወላዲን ዜግነትን (P&C) ማሕበር ወይኻዓ ብወለንታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካንቲና ቤት ምግቢ ተሳትፎ ንምግባር ትደሊ ይኸውን።

መማሃራን ኩልግዘ ንስነ-ጥበብ፣ ብኢድ ዝስራሕ፣ ሕሳብን ሳይንስ ዝኸውን ኣቕሑት ማለት ከም መልጐም፣ ቍራጽ ኣቕሑት፣ ናይ ባህሪ ዛዕጐል፣ ናይ ፕላስቲክ መዕቐቢን ጥርሙዛት – እቲ ዝርዝር ዘይውዳእ! ኣቕሑት ይደልዩ እዮም። እንታይ ዓይነት ኣቕሑት ከምዝደልዩ ምስቲ መምህር ኣጻርይ።

## ብሓባር ኣንብብ

ህጻናት ክንበበሎም ይፈትዉ'ዮም:: ብሓባር ምስውላድኻ ተንብበሉ ግዘ ውላድኻ ፍቕሪ መጽሓፍቲን ቃላትን ንኸማዕብል ይሕግዞ እዩ። ቐዲምካ ምጅማር ዘሓሸ እዩ – ውላድኻ ምስ ቋንቋ እንድሕሪ ተላልዮምን ብዙሕ ናይ ኣጠቓቕማ ሜላታት እንተፈሊጦምን ንቤት ትምህርቲ ብዝበለጸ ድልዊ ይኸውን።

ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ቤት ንባብ ክቡር መኸዘን ናይ መጻሕፍትን ናይ ንባብ መሳርሒታትን'ዩ– ውላድኻ ንዝፈትውዎ መሪጾም ክወስዱ ግደፎም።



ISBN 978-0-7307-4564-8

ዌብሳይት: education.wa.edu.au

© Department of Education, Western Australia 2015